# ኣብ ስዊድን
## ምስጋር ዓሳ



SportFiskarna

ብናይ ስዊድን ኤጀንሲምክልኻል ኣየር ዝምወል
(Naturvårdsverket)

# ኣብ ስዊድን ምስጋር ዓሳ

ምስጋር ዓሳ መዘናግዕን ሙሉ ዓመት ከተስተማቕሮ ትኽእል መሕለፊ ግዘ እዩ። ኣብ ስዊድን፣ ኩሉሰብ ብመሰል ተጠቃምነት ህዝቢ ተባሂሉ ብዝፅዋዕ ኣቢሉ ኣብ ደገ ናይ ምዝንጋዕ መሰል ኣለዎ። እዞም መሰላት ብሓላፍነት ከትጥቀመሎም ይግባእ።

ሽሕኳ እቲ ዘለካ መሰል ከሳብ ምስጋር ዓሳ ዝበፅሕ እንተዘይኮነ፣ ናይ ዓሳ መስገሪ ማያት ንኽትረክብን ፅቡቕ ዝኾነ ከባቢ ንምርካብ የቕልለልካ።  ምስ ምስጋር ዓሳ ኣብ ስዊድን ሓዊሱ መሰላትካን ግቡእኻን ምስ ጠቕምቲ ዝኾኑ ምኽርታት ተገሊፆም እዮም።

ህዝቢ ክጥቀመሎም ዘወሃብ መሰል ኣብ ከፉት ዝኾነ መዘናግዕን ቱሪዝምን ሓለፍነት ዘለዎ ኣጠቓቕማ ንኽህሉ ዓብይ ዕድል ይህብ።



2

# መሰል ህዝባዊ ተጠቃምነት

ኣብ ስዊድን፣ ህዝባዊ ናይ ምጥቃም መሰል ብሕገ መንግስቲ ዝተደንገገ እዩ። ከሳብ ዘይረበሽካ፣ ጉድኣት ዘይፈፀምካ ወይ ዘየጥፋእኻ ከንዲ ዝደለኻዮ ግዘ ኣብ ደገ ከተሕል ትኽእል ኢኻ። ኣስተብህል ከባብያዊ ኣየር ንምሕላውን ካልኦት ንኽዘናግዕሉን እቲ ከባቢ ከምቲ ፈለማ ዝረኸብካዮ ገይርካ ግደፎ። ኣብ ስዊድን፣ ኀሓፍ ምግዳፈፍ ገበን እዩ፡ ፡ ካብቲ ከባቢ ክትኸይድ ከለኻ፣ ኲሎም ረሳሓት፣ መቑለብ ዓሳን ካልኦት ኀሓፋት ውሰዶም።

ዓዕዋፍ፣ እንስሳትን ተኽከታትን ከምዘይትርብሾ ኲሉ ኣብ ከባቢኻ ብዛዕባ ዝርከቡ ሰባት እውን ምሕሳብ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ጥቓ መንበሪ ገዛውቲ ከትከውን ከለኻ ብትሕትናን ብምምዝዛን ተንቀሳቐስ ከምኡ ድማ ናብ ናይ ካልእ ሰብ ስፍራ ኣታኽልቲ ኣይትእተው።

ኣብቲ መሬት ጉድኣት ዘበፅሕ እንተኾይኑ፡ ከም እኽሊ ዝዓብየሉ ወይ ዝተዝርኣሉ ኣብ ዝኣመሰለ መሬት መንገዲ ኣይትጎዓዝ። እዚ ብዘይፍቓድ ምእታው፤ እዩ እዚ ድማ ብናይ ስዊድን ሕጊ ገበን እዩ።

እቲ መፀግዒ ምስ ናይ ዝኾነ ሰብ መሬት ዝራኸብ እንተዘይኮይኑን ኣብ መንገዲ በዓል ዋና መሬት እንተዘይኮይኑ፣ ኣብቲ ዘይተሓረሰ መፀግዒ ወይ ኣብ ገምገም ባሕሪ ንሓዲር እዋን ክትፅጋዕ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዝኾነ ቦታ ንኹሉ ሰብ ዘተኣናግድ ቦታ ተዘይሃልዩ ኣብቲ ከባቢ ቀዲሙ ዝበፅሐ ሰብ ቀዲሙ የስግር። ካልኦት መስገርቲ ኣኽብር ከምኡ ድማ ምስ ካልኦት ኣስገርቲ ዘለካ ርሕቐት ሓሉ።



ኣብ ናይ መስገሪ ዓሳ ማይ ካምፕ ክትገብር እንደሊኻ መፅለሊኻ ኣብኡ ክትተክል ትኽእል ኢኻ። ጉጅለ እንተድኣ ኮይንኩም ወይ ካብ ሓደ ለይቲ ንላዕሊ ክትሓድር እንተድኣ ደሊኻ ንቲ ወናኒ መሬት ክተፍቅድ ኣለካ።

እቲ ናይ ህዝባዊ ናይ ምጥቃም መሰል ከሳብ ምጥቃም ጃልባ ይበፅሕ። ኣድላይ ዘይኮነ ድምጺ ወይ ሓያል ዝኾነ ድምጺ ብምስማዕ ካልኦት ሰባት ከትህውኽ ከምዘይብልካ ዘክር። ጀልባ ከትጥቀም ከለኻ፣ ብዛዕባ ሕግን ደንብን እቲ ዘለኻዮ መንገዲ ማይ ክትፈልጥ ትፅቢት ይገብረልካ።

ከም ዘይ ናይ ጀልባ ትራፊክ፣ ኣብ መሬት ናይ መኻይን ኣጠቓቕማ ድሩት እዩ። እቲ ህዝባዊ ተጠቃምነት መሰል ናይ እግሪ ጉዕዞ ጥቕምታት ጥራሕ መሰል ይህብ። ኩሉ ግዘ ኣብ ውልቃዊ ዝኾነ መሬት ናይ ምግናሕ መሰል ከምዘይብ ልካን ካብ መንገዲ መኪና ወፃእ ዝኾነ ዓይነት ምግናሕ ከምዘይፍቀድ ዘክር።

ብበረድ ኣብ ዝተሸፈነ ቃላይ ምግናሕ ይከኣል እዩ፣ ኮይኑ ግና እቲ ከባቢ ተፈታዊ ዝኾነ ናይ በረድ መንሸራ ተቲ፣ ናይ በረድ መስገሪ ዓሳን ካልኦት ናይ ደገ ምንቅስቓሳት ዝካየደሉ እንተድኣ ኮይኑ እዚ ናይ ምግባር መሰል ክግደብ ይኽእል እዩ።

ናይ መሬትን መንገደን ትራፊከ ሕግታት ብተወ ሳኺ «ንናይ ከረምቲ መንገድታት» ኣብ በረድ እውን ዝትግበር እዩ።

## ናይ ዓሳ መስገሪ ማይ

ስዊድናዊ ኩን ኣይትኹን ዓሳ ምስጋር ይፍቀደልካ እዩ፧ እዚ ማለት ብዘንጊ፧ ገመድን ዓንቃሪቦ ኣብ ናይ ስዊድን ገምገም ባሕሪታትን ቃላያትን ከተሰግር ፍቑድ እዩ Vättern፧ Vänern፧ Mälaren፧ Hjälmaren ን Storsjön ኣብ ካውንቲ Jämtlን(እቲ ካርታ ርአ)



ኣብ ካልእ ቦታ ዓሳ ክተሰግር እንተደሊኻ፧ ኣብ እቶም ናይ ውልቀ ማያት ዓሳ ምስጋር ዝፍቀድ ከምዝፍቀድን ከምዘይፍቀድን ኣረጋግጽ፧ ከምኡ እውን ንምፍቃድ ናይ ዓሳ ምስጋር መሰላት ነቲ በዓል ዋና ሕተት። ኣብ ዝተፈ ላለዩ ቃላያት መገዲ ማይን ናይ ዓሳ ምስጋር ፍቓድ ኣብ www.fiskekort.se ን www.ifiske.se. ምዕዳግ ትኽእሉ ኢኹም።

## ቀሊል ናይ ዓሳ መስገሪ ኖት



እቲ ቊጻር ከተስጥሙ እንከለኹም ኲሉ ጊዜ ቅድሚ ኣስጥምኩም ከትስሕብዎ ከምዘለኩም ዘከሩ።

## ናይ ዓሳ ምስጋር ሜላ

ዝኾነ ዓይነት ናይ ዓሳ ምስጋር ሜላ እንተጠቐምካ እኳ፣ ካብቲ ዘድልየካ ዓሳ ንላዕሊ ከትወስድ ከም ዘይብልካ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ! እቲ ዓሳ ክተቐምጦ እንተድኣ ሓሲብካ፣ ብቐልጡፍ ቀቲልካ ክሳብ ተብስሎ ኣብ ዝሑል ቦታ ኣቐምጦ። ብዛዕባ ምቕናስ መጠንን ናይ ምስጋር ደረትን መረዳእታ ኣብ www.svenskafiskeregler.se ይርከብ።

## ምስጋር ዓሳ

ምስጋረር ዓሳ ከምቲ እትደልዮ ቀሊል ወይ ከቢድ ክኸውን ይኽእል። እቲ መሰረታዊ ኣደሓሕዛ ዘንጊ፣ ገመድ፣ ስከዪትን ዓንቃሪቦ እዩ። እቲ ላዕሊ ልዕሊ ማይ ክሳብ ዝርአ እቲ ዓንቃሪቦ ኣእትዎ እዚ ድማ እቲ ተንሳፋፊ ናብ ውሽጢ ንኸኣቱ እዩ። እቲ ተንሳፋፊ ናብ ታሕቲ ክኣቱ ከሎ እቲ ዘንጊ ናብ ላዕሊ ኣውፅኢኻ እቲ ዓንቃሪቡ ናብቲ ናይ ዓሳ ኣፍ ኣእትዎ።

ከም መተሃራረፊ ሓሳኹ፣ እብብ፣ ኣባጨጓረ፣ ምቁርዕ ፉን፣ ብሑቕ፣ ፓለሞነ፣ ባኒ ወይ ዓሳ ክትጥቀም ትኽእል።



## ጥውይዋይ ኣሰጋግራ

ጥውይዋይ ኣሰጋግራ እቲ ዓሳ ንምጥቃዕ ንሽፋትን መተሃራረፍን መጠቕለሊ ምጥቃም የካትት። ጥውያዋይ ኣሰጋግራ ዳርጋ ኣብ ኩሎም ቃላያት ዘተኣማምን ሜላ እዩ።

ከም ሲፒነር፣ ማንካ፣ ዎብለርን ጂግን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት መተሃራረፍታት ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

ስፒነር ንምስራሕ ቀለሊን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዓሳ ንምትህርራፍ ፅቡቕ እዩ። ዓሳታት ኣብ ዝተፈላለየ ጥልከት ኣለው ስለዝኾነ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ፍጥነት ንምእታው ፈትን።

## ኣብ በረድ ምስጋር ዓሳ

ኣብ በረድ ዝግበር ምስጋር ዓሳ ብቐሊሉ ፕሪከ ወይ ሞርሚሻቅ ጂግ ብምጥቃም ኣብ ናብ በረድ ዝተለወጠ ቃላይ ዝካየድ እዩ።

ኣብቲ በረድ ነኹል ድሪል ግበር ኣብ ታሕቲ ናይቲ መተሃራረፊ ሙቐት ከሳብ ዝስመዓካ እቲ ገመድ ኣውፀ ኣዮ ብምቕዓል ሓሙሽተ ሴንት ሜትር ዝኣክል ንላዕሊ ኣውፅኣዮ። ዓሳ ከሳብ ትሕዝ በቢ ሓሙሽተ ደቒቕኡ እቲ ገመድ ቀስ ኣቢልካ ኣንቀሳቕሶ።

ንዝተወሰነ ግዘ ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ እንተዘይሃልዩ፣ ንዝተወሰነ ግዘ እቲ መተሃራረፊ መሬት ንኽወቅዕ ግበር ወይ ድማ ብቐሊሉ ካልእ ነኳል ብምንኳል ዕድልከካ ፈትን።



ኣብቲ በረድ ድሕንነትካ ተሓልዩ ንኽትጉዓዝ ናቲ በረድ ርጉዲ እንተነኣሰ ዓሰርተ ከኸውን ይግባእ። ናብቲ በረድ በይንኻ ኣይትኽድ። ኩሉ ግዘ ናይ በረድ ፕሮድ ወይ ራምፓን (ኣብ በረድ ምኻድ ዘኽእል ጫማ) ተኸደን ከምኡ ድማ ኣፍራዝ በረድን ገመድን ሓዝ። ኩሉ ግዘ ሞባይልካ ኣብ ማይ ዘይሓልፎ መቐመጢ ኣቐምጥ።

# ኣርባዕተ ካብቶም ልሙዳት ዓሳታትና

## ፐርች



ዝኾነ ናይ ዓሳ መስገሪ ኣገባብ ብምጥቃም ኣብ ከረ ምትንሓጋይን ፐርች ምስጋር ትኽእል ኢኻ። መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ከባቢ ራሽን ሻምብቆን ዝተቖልቀለ ከውሒን ኣብ ኣፋ ውሕጅ ይርከቡ። ፐርች ብቱቦ፣ ብፈ ትልታታ፣ ፓፐር፣ ጅግስን ፒርከስ ከትሓዝ ይኽእል።



## ሮች (ኣብ ኣውሮፓ ዝርከብ ንእሹተይ ዓሳ)

ኣብ ከባቢ ገምገም ዝርከብ ዓሳ፣ እቲ ዝምረፅ ድማ ሰልሳልን ህፁፅን። ኣብ ንኡሽተይ ዓንቃርቦ ሓሳኹ፣ ባኒ፣ እብብ ወይ ምቁር ዕፉን ተጠቐም። ሮች ጥዑም ዝኸውን ከጥበስ ከሎ ወይ ሒላብ ዓሳ ክኸውን ከሎ እዩ።

## ቂጥ (ኣብ ሓድሽ ማይ ዝርከብ ዓሳ)



ቂጥንምስጋር ፅቡቕ ዝኾነሉ እዋን ቀውዒ፣ ከረም ትን ፅድያ እዩ። ናብ ውሽጢ ማይ ጠሊቑ ኣብ ዝኣቱ ጥቓ ገምገም ሽንበቆ ወይ ካብ ዝተቖልቀለ ከውሒን እምንን ኮይንካ ኣስግር። ማንካ፣ ፓፐር፣ ስፒነርን ጂግን ተጠቐም። ዓበይቲ ቂጥ እንተሒዝካ መሊስካ ናብ ማይ ኣእትዎ ከምኡ ድማ ኣብቲ ተስግረሉ ማይ ዝተፈለየ ሕጊ እንተሃልዩ ኣረጋግፅ።



## ቡና ሕብሪ ዘለዎ ትሮታ

ቡና ሕብሪ ዘለዎ ትሮታ ብቲ ዝነብረሉ ከባቢ መሰረት ብምግባር ብዝተፈላለዩ ቅርፅታት ክመፅእ ይኽእል እዩ። እቶም ዝተፈላለዩ ናይትሮታ ዓይነታትናይ ባሕሪ ትሮታ፣ ናይ ቃላይ ትሮታን ናይ ውሕጅ ትሮታን የካትት፡ ፡ ብቐሊሉ ቡና ሕብሪ ዘለዎም ትሮታ ንምሓዝ ማነካ፣ ናይ ባሕሪ ውብለር ወይ ተርፍ መብረድ ተጠቐም። ኣብ እዋን ከረምቲ፣ ቀውዕን ሓጋይን ኣብ ከባቢ ገምገም ትሮት ምስጋር ይከኣል እዩ። ናይ ውሕጅትሮታታት ሓሳኹ ብምጥቃም ንምሕዝ ኣዝየም መዘናጋዕቲ እዮም።



## መሰል ህዝባዊ ተጠቃምነት

www.allemansratten.se

## ፍቓድ ዓሳ ምስጋር

www.fiskekort.se

www.ifiske.se

## ደንብታት

www.svenskafiskeregler.se

## ፍሉያትን ሓለዋ ዝግበረሎም ዓሌታት

www.havochvatten.se

## ንኹሎም ምምሕዳራዊ ቦርድታት ናይ መራኸቢ ዝርዝራት

www.lansstyrelsen.se

## ምኽርታት ንዓሳ መስገርቲ

www.sportfiskarna.se

## ናይ በረድ ድሕንነት

www.issakerhet.se

SportFiskarna

ብናይ ስዊድን ኤጀንሲምክልኻል ኣየር ዝምወል
(Naturvårdsverket)